# ሚስጢራውነት ብዝምልከት ዝወጸ መግለጺ
## (Declaration Regarding Confidentiality)

**ናይ ማሕበር መግለጺ፤**

እዚ መግለጺ እዚ ብፍቓደኦም ብናጻ ዘገልግሉ ሰባት ብዛዕባ ሚስጢራውነንት ክፈልጥዎ ዘለዎም ቀንዲ ነገር ይገልጽ። ብዛዕባ ናይተን ማሕበራት ሙሉእ መግለጺ ከትንብቡ እንደተደኣ ደሊኹም፤ ብኽብረትኩም ንኣባላት ሰራሕተኛታት ሕተቱ።

1. ናይ ሓደሓደ ሓበሬታታት ሚስጢር ምዕቃብ አድላዪ ሙኻኑ ብምግንዛብና ነዚ ዘንጸባርቕ ተግባራትን ኣሰራርሓን ንምኽታል ዝከአለና ንጸዕር።

2. ናይ ኣገልግሎትና ተጠቀምቲ፡ ንሰራሕተኛታት ወይ ድማ ብፍቓደኦም ብናጻ ዝሰርሑ ሰባት ዝህብዎ ሓበሬታ ብምልኡ፡ እቲ ተጠቃሚ ኣገልግሎትና ንዝደልዮ ዓላማ ጥራይ ክሰርሕሉ ከምዘለዎ ንኣምን ኢና። ስለዝኾነ ድማ ሰራሕተኛታትና ከምእውን ብፍቓደኦም ብናጻ ዝሰርሑ ሰባት፡ ናይ ዝኾነ ይኹን ሰብ ደሕንነት ወይድማ ግላዊ መሰል መታን ከይግህሱ ሚስጢር ንዝኾነ ሰብ ኣይህቡን እዮም።

3. እዚ ዓይነት ፖሊሲ ድማ ምስቶም ተጠቀምቲ ኣገልግሎታትና ናይ ስራሕ ርኽባት ኣብ እንገብረሉ ግዜ፡ ዝተወሰዱ ሓበሬታታት ብምልኦም ዘተቓልል እዩ። እዚ ድማ ናይ ቃል፣ ናይ ጽሑፍ ከምእውን ብኮምፕዩተር ዝተቐርጸ ነገራት የጠቓልል።

4. ብፈቓደኛነት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታትና በቲ ኣንቀጽ 1998 ናይ ሓበሬታ ምክልኻል (Data Protection Act 1998) ዝተቐየዱ መታን ክኾኑ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ነገራት ክፈልጡ ይግብኦም።
   - **ግላዊ ዝኾነ ወይድማ ተነቃፊ ዝኾነ ሓበሬታ ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልል እዩ፤**
     - ናይ ዓሌትን፡ ብሄረ ሰብን ድሕረ ባይታ
     - ናይ ሀይማኖት፣ ወይ ባህሊ፣ ወይ ፖለቲካ እምነታት
     - ናይ ንግዲ ማሕበር ኣባልነት
     - ናይ ጾታ ትምህርቲ
     - ናይ ወንጀል መዝገብ ወይ ታሪኽ
     - ናይ ጥዕና መዝገብ
     - ናይ ግላዊ ዝኾነ መዝገብ ወይ ድማ ናይ ደሞዝ ሓበሬታ
   - **ምስጢራውነት ዘለዎ ሓበሬታ ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልል እዩ፤**
     - ናይ ገዛ አድራሻ ብዝርዝር (አድራሻታት ከምእውን ስልኪ ቁጽሪ)
     - ናይ ንብረት ወይ ሃብቲ ታሪኽ
     - ናይ ኣባልነት ታሪኽ
     - ሓበሬታ ብዛዕባ ምኽፋል ገንዘብ

5. ኣባላትናን ብፍቓደኦም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታትናን ከም ሓደ ጉጅለ ኮይኖም ብሓባር እንዳሰርሑ ነንሕድሕደኦም ይተሓጋገዙ፤ ከምእውን እቲ ዝህብዎ ኣገልግሎት ጽቡቕ ሙኻኑ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ዘድሊ ግዜ ብዛዕባ ጉጅለታት ይኹን ግለሰባት ሓበሬታታት ይለዋወጡ። ከምእውን መዝገብ ይሕዙ፡ ሓበሬታታት ኣብ ዝቆጻጸርሉ ይኹን ምስ ጉጅለታት ኣብ ዝሰርሕሉ እዋን ዘድልዮም ዝርዝር ኣድራሻታት ይሕዙ።

**ብፍቓድ ናይ ዝሰርሑ ሰባት መግለጺ፤**

- ብፍቓድ ብናጻ ዝሰርሕ ከምሙኻነይ መጠን እዚ ኣብ ላዕሊ ሰፊሩ ዘሎ ብዛዕባ ናይ ሚስጢራውነት ዝወጸ መግለጺ አንቢበዮን ተረዲአዮን ኣለኹ፤ በዚ ኣሰራርሓ እዚ ክሰርሕ ድማ ተሰማሚዐ ኣለኹ።
- ነዚ ናይ ብፈቓደኦም ዘገልግሉ ናይ ዓማዊል ማእከል፡ ተጠቀምቲ ኣገልግሎት ናይ ግሊ፣ ተነቃፊ ከምእውን ብሚስጢር ዝተሓዝ ሓበሬታ ኩሉ እቲ ዝግብኦ ሚስጢራውነት ብምሃብ ክሰርሕ እየ።
- ነዞም ዝርዝር ሓበሬታታት እዚኦም ድማ፡ ኣድላዪ ምስ ዝኸውን፡ ምስ ካልእ ብፈቓደኦም ዝሰርሑ ሰባት ወይድማ ኣባላት ሰራሕተኛታት ክዘራረበሎም እየ።
- ካብዚ ማሕበር ወጻኢ ምስ ዝረኽቦም ሰባት ድማ ኣስማት ወይ ካልእ ሓበሬታ ናይ ዓማዊል ወይ ተጠቀምቲ ኣገልግሎት ኣልዒለ ኣይዘራረብን እየ።

ስምኩም ጽሓፉ ______________________________ ዕለት፡ ______________

ፌርማ ______________________________